# ፫ይ ሰንበት ዘትንሣኤ

## 22 ሚያዝያ 2015 ዓ.ም. (4/30/2023)

**መዝሙር፡** ወበእኁድ ሰንበት.... አብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ሰንበት ማርያም መግደላዊት ናብ መቓብር አንጊሃ ጌና ጸልማት እንከሎ ከይዳ፥ እቲ እምኒ ካብ አፍ መቓብር ተፈንቂሉ ረኺባቶ፥ ናብ ስምዖን ጴጥሮስ ከምኡ ናብቲ ካልእ ረድኢ ኢየሱስ ዘፍቅሮ በጽሐት፥ ንጎይታይ ካብ መቓብር ወሲዶሞ አበይ ከም ዝወሰድዎ አይፈልጥን፥ ክልቲኦም ብሓንሳብ እናጎየዩ ከለዉ፥ እቲ ካልእ ረድኢ ኢየሱስ ዘፍቅሮ ንጴጥሮስ ቀዲምዎ በጽሐ።

**ንባባት፡** 2ቆሮ 5፡11-21። 2ጴጥ 3፡14-18፥ ግ.ሓ. 21፡31-40፥ ሉቃ 24፡13-35።

**ስብከት፤** ንግሩ ለእግዚአብሔር ምሕረቶ፥ ወመንክሮሂ ለእጓለ እመ ሕያው፥ እስመ ሰበረ ኆኃተ ብርት ምሕረት እግዚአብሔር ንገሩ፥ጥበቡ ኸአ ንደቂ ሰብ፥ መዓጹ ሓጺን ስለ ዝሰበረ፥ መዝ. 106።

አብዚ ናይ ሎሚ መዝሙር እንርእዮ እምነት ማርያም መግደላዊት እዩ፥ ንሳ ንመምህራ ክሳብ እትረኽቦ ብጸልማት ብቐትሪ አብ ኩሉ ክትደልዮ ንርእያ። ክሳብ እትረኽቦ አይዓረፈትን። ክትረኽቦ ቀሊል አይነበረን እንተ ኾነ እምነትን ፍቕርን ገራ ስለ ዝደለየት ባዕሉ ረኺብዋ። አብዚ እዋን ትንሣኤ ኩልና ንኢየሱስ ክንደልን ክንረኽቦ ከምዘሎና ክንሓስብ አሎና። አብ ሕይወትና ከይረኸብናዮ ክነዕርፍ የብልናን። ከየለለናዮ ከይሓልፈና አዒንቲ ሕልናና ክፈተልና ኢልና ንለምኖ።

አብ ወንጌል ንሎሚ ዝተነበ ብዛዕባ ክልተ አርድእቲ ኢየሱስ ድሕሪ ኩሉ እቲ አብ ልዕሊ ኢየሱስ ዝተገብረ ፈሪሖም ተስፋ ቆሪጾም ካብታ ማእከል ናይ ኩሎ ተስፋኦም ገሮም ዝርእይዋ ዝነበሩ ከተማ ኢየሩሳሌም ሓዲጎም ናብ ካልእ ዓዲ ኤማሁስ እትብሃል 7 ኪ.ሜ. ምርሓቓ እናኸዱ እንከለዉ ኢየሱስ ከም ማን ሰብ ኮይኑ አብ መገዲ ከም ዝተሓዋሶም ንሶም ግን ከምዘይፈለጥዎ አብ መገዲ እና ተጓዕዙ ንኹሉ ከም ዝገለጸሎም አብ መወዳእታ አብ መአዲ ኮፍ ምስ በሉ ምስ ቀረሰሎም ከምዘለለይዎ ይነግረና።

ክንደይ ተዓዊቶም እዞም ክልተ አርድእቲ አብ መገዲ ኤማሁስ ንኢየሱስ ክረኽቡ እንከለዉ፥ ቅዱስ መጽሓፍ ኽገልጸሎም እንከሎ ዝሰምዕዎ፥ አብ መአዲ ምስ ኢየሱስ ክበልዑ ዕድል ዝረኸቡ እናበልና አድንቐትና ንገልጽ። ብርግጽ ዓቢ ጸጋ እዩ ነሩ። ከም ባህጊ እውን ምስኦም አብ መገዲ እንተ ዝነብር ናይ እዚ ጸጋ ተኻፋላይ እንተ ዝኸውን ክንደይ ጽቡቕ ነሩ እናበልና ንዛረብ ኢና። እንተ ኾነ ንሕና እውን ኩሉ ጊዜ መስዋዕቲ ቅዳሴ ክነዕርግ እንከሎና ከምዚ ናቶም ንረኽቦ ኢና። ኢየሱስ ነዞም ክልተ አርድእቲ ቅዱስ መጽሓፍ ከም ዝገለጸሎም ነቲ ብዛዕብኡ አብ ኩሎም ጽሑፋት ዘሎ ካብ ሙሴን ኹሎም ነብያትን ኂዙ ኸአ ኪትርጕመሎም ጀመረ (ሉቃ 24፡27) ዝብል ነንብብ። ንሕና እውን አብ ቅዳሴ ቃል አምላኽ ካብ ንባባት ቅ. መጽሓፍ ንሰምዕ። ድሕሪዚ ኢየሱስ አብ መአዲ ምስአቶም ምስ ተቐመጠ ድማ እንጌራ አልዒሉ ባረኹ ቖሪሱ ሃቦም (ሉቃ 24፡30) ይብል። ንሕና እውን አብ ቅዳሴ ሥጋን ደምን ኢየሱስ ንቕበል፥ ንኢየሱስ

ብኣካል ኣብ ቅ. ቊርባን ንረኽቦ። እዚ ዓቢ ጸጋ እዩ ናይ ኩሎም ምስጢራት ምንጪ እዩ ምኽንያቱ ኣብኡ ክርስቶስ ብርእሱ ስለ ዘሎ። ዓይንና ክርኢ እምነትና ክሕደስ ካብ መኣዲ ክርስቶስ ብንጽሕና ክንቅበለ ይግብእ። እንተ ኾነ ቅድሚ ምቕባልና ልብና ክነንጽሕ ክንጉዓዞ ዝግባእ ጉዕዞ እምነት ኣሎና።

**ኣብ መገዲ ጉዕዞ ሕይወት ንኢየሱስ ረኺብካ ምኽኣል፡**

ኣብ መገዲ ብሓባር እናተጓዕዙ እንከለዉ ነቲ ጉዕዞ ዝመርሖ ወይ ዝምእክሎ ዝነበረ ኢየሱስ እዩ። መጀመርያ ቅ. መጽሓፍ ብምግላጽ፥ ድሕሪኡ ኸኣ ምስ ኣርድእቱ ኅብስቲ ብምቑራስ። እቲ ቀንዲ ሰራዊን መራሕን ዝነበረ ኢየሱስ እዩ ነሩ። ንሱ እዩ መጀመርያ ቅዱስ መጽሓፍ ገሊጽሎም ድሕሪኡ ኸኣ መኣዲ ቅ. ቊርባን ክሰርዓሎም ንርኢ። ኩሉ ጊዜ ምስጢራት ክንሰርዕ ከሎና እቲ ቀንዲ ሰራዊ ወይ ገባሪ ኢየሱስ ባዕሉ እዩ። ኢየሱስ እዩ እቲ ቀንዲ ወይ ማእከላይ ቀዳሳይ ናይ ነፍስወከፍ መስዋዕቲ ቅዳሴ። ኢየሱስ ኣብ መስቀል ኮይኑ ንርእሱ መስዋዕቲ ዘዕረገ ልክዕ ሓደ ዝኾነ መስዋዕቲ ኣብ ቅዳሴ ብካህን ይዓርግ ናይ እቲ ኣብ ቀራንዮ ቅድሚ 2000 ዓመት ዝተፈጸመ መስዋዕቲ መቐጸልታ እዩ (፪ ጉባኤ ቫቲካን ቅዱስ ጉባኤ ቊ7)። እቲ ኣብ ቀራንዮ ንርእሱ ከመስዋዕቲ ዘዕረገ ኢየሱስ ንሱ እዩ ሕጂ እውን ኣብ ቅዳሴ ብካህን ኣቢሉ ዝስዋዕ ዘሎ። ኣብ ቅዳሴ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ኩሎም ምስጢራት ኣብ እንፍጽመሎም ባዕሉ ኢየሱስ እዩ ንመስዋዕትና ዝመርሕ። ኢየሱስ እቲ ቀንዲ ሰራዊ ምስጢራት እዩ። ኣብ ቅዳሴ ክንመጽእ ከሎና ልክዕ ከምቶም ክልተ ኣርድእቲ ንኢየሱስ ንረኽቦ ምስኡ ኣብ መገዲ ንጉዓዝ።

ኣብ መገዲ እናተጓዕዙ ኢየሱስ ነዞም ክልተ ኣርድእት ሓቀኛ ትምህርቲ ቅዱስ መጽሓፍን ስጋኡን ደሙን ከአ መጊብዎም። ንሕና እውን መስዋዕቲ ቅዳሴ ክነዕርግ እንከሎና ሓደ ዓይነት ተመክሮ ኢና እንረክብ። ኢየሱስ ብሥጋኡን ብደሙን ኣብ ቅ. ቊርባን ጥራሕ ኣይኮነን ኣብ መንጎና ዝርከብ ቃል ቅዱስ መጽሓፍ ክንበበና እንከሎ እውን ኣብ መንጎና ኣሎ። ካብ ሓደ ጣውላ መኣዲ ብኽልተ መገዲ ንምገብ ቃል ኣምላኽን ቅ. ቊርባንን።

ቤተ ክርስትያን ኩሉ ጊዜ ንሥጋ ክርስቶስ ክተኽብር እንከላ ንቅ. መጽሓፍ እውን ካብ ምኽብር ኣቋሪጻ ኣይትፈልጥን። ንምእመናን መግቢ ሕይወት ካብ ዝኾነ ካብ መኣዲ ሥጋሁ ወደሙ ከምኡ ካብ መኣዲ ቃል ኣምላኽ ካብ ምዕዳል ኣቋሪጻ ኣይትፈልጥን። (ሓ/ት/ክ 103፥ ፪ ቫቲካን ቃል እግዚኣብሔር ቊ 21)።

ኣብ ቅዳሴ ክልተ መብርሃቲ ሽምዓ ንጥቀም እዚ ከአ ነቲ ብኽልተ መገዲ ኣብ መንጎና ዝርከብ ኢየሱስ ዘዘክር እዩ። ብቃሉን ብሥጋሁ ወደሙን። ስለዚ ካብ ቅዱስ መጽሓፍ ክንበብ እንከሎ ምሉእ ምስትውዓል ክንገብር ይግብኣና ምኽንያቱ ኣምላኽ ብቓሉ ገሩ እዩ ዝምግበና ዘሎ። ካብ ቅዱስ መጽሓፍ ክንበበና እንከሎ ኢየሱስ ባዕሉ እዩ ዝዛረበና። ቃሉ ክንበብ እንከሎ ኣብኡ ኣሎ።

እቶም ንቃል ኣምላኽ ዝሰብኩልና ዓቢ መዝነት እዮም ለቢሶም ዘለዉ። ኢየሱስ ነቶም ክልተ ኣርድእቱ ኣቱም ነብያት ብዝተዛረብዎ ኹሉ ንምእማን ልቦም ዘደንጎየ ዓያሱ (ሉቃ 24፡32) እናበለ ገኒሕዎም ሎሚ እውን ንሕና ነዚ ኣብ ቅዳሴ ዝንገረና ቃል ኣምላኽ ንምርድኡ እንተ ዘሓልና ሓደ ዓይነት መግናሕቲ ምገንሓና ነሩ። ልብና ኣብ ካልእ እናሓሰበ መንፈስና ብኻልእ ተመሊኹ እንከሎ ኣብ ቅድሚ ቅ. ቊርባን ደው ክንብል ኣይግብኣን።

ቃል ኣምላኽ ክንሰምዕ እንከሎና በእዛን እናሰምዕና ብኣእምሮና እንርድኦ ጥራሕ ኣይ ኮናን ዘሎና መንፈስ ቅዱስ እውን ኣባና ይሰርሕ እዩ እዚ ኸኣ ቃል ኣምላኽ ከሕውየናን ክሕድሰናን ኣባና ከምቲ ነቶም ክልተ ኣርድእት ኣብ መገዲ ኤማሁስ ልቦም ዘቃጸለ ንእና እውን ልብና የቃጽሎ

እዩ። ነሓድሕዶም ከአ እቲ ኣብ መገዲ ክዛረበናን ነተን ጽሑፋት ኪትርጉመልናን ከሎዶ ግዳ ልብና ይነደና ኣይነበረን ተበሃሂሎ (ሉቃ 24፡32)። እቶም ኣርድእቲ ልቦም ክቃጸል እንክሎ ኣይኮነን ነዚ ዘለልይዎ ድሓር እዮም ፈሊጦሞ። ከየለልይዎ እንከለዉ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልቦም ይሰርሕ ነሩ፥ ልቦም ይልውጠሎምን ይሕድሶምን ነሩ። መንፈስ ቅዱስ ብልክዕ መገዲ ንሕና ኣብ ቤተ ክርስትያን ብሓባር ተኣኪብና ቃል ኣምላኽ ክንገረና እንከሎ ኣባና እውን ይዓዩ እዩ። ኩሉ ጊዜ ኣብዚ ኣብ ቤተ ክርስትያን ክንእከብ እንከሎና ቅዳሴ ክንሰምዕ እንከሎና ከይተረድኣና ከየስተውዓልናሉ እንከሎና ልብና ይቃጸል።

ኢየሱስ ምስኦም ኣብ መኣዲ ምስተቐመጠ እንጌራ ኣልዒሉ ባረኹ ቖሪሱ ሃቦም፥ ሽዑ ዓይነ ልቦናኦም ተኸፍተ እሞ ኣለለይዎ ግና ኻብኣቶም ተሰወረ (ሉቃ 24፡30-31)። ኣብዚ ኢየሱስ ወላ እኳ ካብኦም ይፈለ እምበር ብኸምዚ ኣገባብ ምስኦም ኩሉ ጊዜ ከምዘሎ ገሊጾሎም። ካብ ሕጂ ንድሓር ብኣካል ንኢየሱስ ክርእይዎ ኣየድልዮምን እዩ በዚ መልክዕ ህብስን ወይንን ኣብ መንግኦም ኣሎ። ኣብ ጸሎተ ሓሙስ ነዚ ንዝኽረይ ግበርዎ (ሉቃ 22፡19) ክብሎም እንከሎ ኣርባዕተ ነገራት ገሩ ክገብር ንርእዮ ማለት ወሲዱ፥ ባረኹ፥ ቆሪሱ፥ ሂብዎም። ኣብ መገዲ ኤማሁስ እውን ነዚ ንዝኽሩ ኢሎም ክገብርዎ እንከለዉ ንሱ ኣብ ማእከሎም ከምዘሎ ልባቶም ክነዶም እንከሎ ንሱ ኣብውሽጦም ከምዘሎ ነጊርዎም እዩ። ካብ ሕጂ ንድሓር ንስለ ዝኽሩ ኢልና ተኣኪብና ነዚ ክንገብር እንከሎና ከምቲ ናይ ሰብ ኤማሁስ ከምኡ ኣብ መንጎና ኣሎና።

## ጕዕዞ ኤማሁስ ጉዕዞ ኩልና ንግበሮ፡

እዚ ክፍሊ ወንጌል ፍሉይ መንፈሳዊ መልእኽቲ ዘለዎ እዩ። ኢየሱስ ነዞም ክልተ ኣርድእቲ ሓደ ቀልዮጳ ዝብሃል እቲ ካልኣይ ስሙ ዘይጥቀስ ኣብ መገዲ እዩ ረኺብዎም። ንሶም ኣበይ ከምዝኸዱ ዳርጋ ይፈልጡ ኣይነበሩን እቲ ኩናታት ስለ ዝኸበዶም ዳርጋ ብዘይፈልጥዎ መገዲ ዝኸዱ፥ ኣብ ኢየሱስ ምእማን ዝሓደግዎ፥ ብዘይ እምነት ዝጉዓዙ እዮም ዝመስሉ። ንሕና ኣብ ሕይወትና ከምኡ ይገጥመና እዩ ኣብ መገዲ ጸጋም ንጉዓዝ ንጥፍኣት ናትና ኢልና ንተሓሓዞ ኣብ ከምዚ ኩነት እንከሎና ኣምላኽ ክዛረበና ክረኽበና ብዝተፈላለየ መገዲ ይመጸና ግን ኣይነላልዮን። ሽዑ ንሱ ከማና ሰብ ኮይኑ ኣብ መገዲ ብዛዕባ እንታይ ትዕልሉ ነርኩም ከምዝበለ ንኣና እውን ይሓተና እዩ። ኣበይ ገጽካ/ኪ ትጉዓዝ ኣሎኻ/ኺ እናበለ ኣንፈት ጉዕዞና ክንርኢ ይሓተና። ሱቕ ኢልና ኣብ ግጉይ መገዲ እንተ ኸድና ፀሓይ ክትዓርበና እያ ስለዚ ሓገዝ የድልየና። ኢየሱስ ኣብ ትምህርቱ ኣነ መገድን ሓቅን ሕይወትን እየ ኢሉና እዩ ስለዚ ኣብቲ ሓቀኛ መገዲ ክንረኽቦ ኣሎና። ንሕና ኣብዚ ዓለም እዚ መንገደኛታ ኢና፥ ኩሉ ጊዜ ኣብ ሰማያዊ ዓድና እንምርሽ ፍጥረት ኢና። ናይ እምነት ጉዕዞና ናይ ትምህርትን ኣብ ዓሚቕ ምስጢር ትንሣኤ ክርስቶስ ምእታውን እዩ።

መገዲ ሕይወትና ኣበይ ገጹ ዝጠመተ እዩ ዘሎ ክንርኢ ክንክእል ኣሎና። ናብ ጸጋም ናብ ጥፍኣት ገጹ ዝኸይድ ዘሎ ከይከውን ከተሓሳስበና ኣለዎ። ኢየሱስ ዘይብሉ ሕይወት ንበይንና ንጉዓዝ ከይንህሉ እስከ ንርእስና ንጠምት። እዚ እዋን ትንሣኤ ኣብ ክርስቶስ ክንጥምት ክነለልዮ እንሕተተሉ ዘሎና እዋን እዩ።

እዞም ክልተ ኣርድእቲ ከም ወከልትና ገርና እሞ ንሕሰቦም፥ ኣብ ጉዕዞ ሕይወትና ዝጓነፈና ንበይንና ኣይኮናን እንጉዓዝ። ንሱ ኩሉ ጊዜን ኣብ ዝኾነ እዋንን ምሳና ኣሎ። ኣብ ገለ እዋን ከምዞም ክልተ ኣርድእት ዝሓደገና፥ ዘይግደሰልና፥ ኣብ መንጎ ምናምና ገሩ ዝኸደ ኮይኑ ይስምዓና። ኣብ ርእስና ተመሊስና ምሳና ከምዘሎ ክነለልዮ ስንድዋት ክንከውን ኣሎና ሽዑ ግቡእ መልሲ ክንህቦ ንኽእል።

አብ ኤማሁስ ሓቀኛን ግብራውን ተሓድሶ እዩ ተራእዩ። አብ ምጅማር ፍርሒ መሊእዎም ክሃድሙ ንርእዮም ንሕና እውን አብ ሕይወትና ከምኡ ይገጥመና እዩ። ብሕማቕ ጀሚሩ ብጽቡቕ ዝውድእ። ሓደ እሙን ክርስትያን ክስደት አየድልዮን እዩ፥ ክፈርሕ እውን የብሉን ምኽንያቱ ኢየሱስ ትርጉም ሕይወት እንታይ ምዃኑ ምሂሩና እዩ ከምኡ አብ ጊዜ ጸበባ ተስፋ ከይንቖርጽ ሓቢሩና እዩ። ሕይወትና ብዝተፈላለየ ነገራት ብምልኡ ጽዑቕ ክኸውን ይኽእል እዩ፥ ኣእምሮና ብዙሑ ዘየሓጉስ ነገራት ክህልዎ ይክኣል እዩ፥ ሕልናና ድንዙዝ ብሰንኪ ኃጢአት ክኸውን ይኽእል እዩ፥ ብሓጺሩ አብ ሕይወትና ንእሽቶይ ተስፋ ዝህብ የብልናን ክንከውን ንኽእል ኢና? እንታይ እሞ ንግበር።

## ንኢየሱስ ዓዲምካ ምኽአል፡

አብ ወንጌል እቲ ዝበለጸ ስጉምቲ ክንወስዶ ዘሎና ይሕብር። ነቲ ጋሻ አብ ድራር ዓዲሞሞ። ምስኦም እናተዓዕዘ እንከሎ አብ ልቦም፥ አብቲ ተጨኒቑ ዝነበረ ሕልና አትዩ እዩ። ንሕና እውን ከምዚ ኢና ክንገብር ዘሎና ምስ ተጨነቕና ምስ ጉሃና ከምኡ ነገራት ካብ ቊጽጽርና ወጻኢ ምስ ኮኑ ንኢየሱስ ኢና ክንረክብ ዘሎና። ከም ጋሻና አብ ገዛውትና ክንዕድሞ ንኽእል ኢና። ኢየሱስ ኩሉ ጊዜ አብቲ ዘሎናዮ ክረኽበና ይደሊ እዩ። ንሕና ክነብሮ ወይ ብሓሳብና ክንኮኖ ኢልና እንሓስቦ ብዘየገድስ ኩሉ ጊዜ ክረኽበና ምስ ደለየ እዩ። አብ ዕለታዊ ሕይወትና እና መራሕና እንከሎና ከም ማንም ኮይኑ ይመጸና ግን ብሓይሊ ክመጽኣና አይደልን እዩ። ምቕባሉን ዘይ ምቕባሉን ምዕዳሙን ዘይምዕዳሙን አባና እዩ ዝውሰን። አብ ገለ እዋን ብጎንና እናሓለፈ እንከሎ ስአን ምዕዳሙ ይሓልፈና ከይህሉ።

ነዚ ታሪኽ ናይ ሰብ ኤማሁስ ምስ አንበብና ሓደ ዘገርም ነገር እቶም ክልተ አርድእቲ አብ መጨረሻ ንኢየሱስ ዘይምልላዮም አይኮነን፥ እቲ ዘገርም ካብ መጀመርያ ከምኡ ክገብሩ ዘይምኽአሎም እዩ። ከመይ ገሮም ነዚ ግሁድን ርእዩን ነገር ካብ ምልላይ ሓሚቖም። ንሕና እውን አብ ሕይወትና ናይ ኢየሱስ ህላዌ ከየለለና ንሓልፎ ምዃና እዩ። ኢየሱስ ምሳና ክራኸብ ይደሊ እዩ፥ ይዛረበና ብሓቂ እውን አብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ህልው እዩ። ብዝያዳ ኢየሱስ ንኩሎም ምስጢራት ክንሰርዖም ከሎና ምሳና አሎ ብዝያዳ አብ ቅ. ቊርባን። ኢየሱስ ከም ቃልን ቅ. ቊርባንን አብ ንግደታዊ ሕይወትና ክሳብ እታ ሓቀኛ ቤትና እንበጽሕ መግብና እዩ። አብ መአዲ ቅ.ቊርባን ንማህበር ክርስትያን አብ ሓድነት ይህበና፥ ነቲ ዝሃበና ተስፋ ከአ ክሳብ መወዳእታ ጊዜ ምሳና አሎ። አብ ክርስቶስ ዝአምን ዝኽትምና አየጥቅዖን እዩ። ዝኽትምና መንፈስ ብዝያዳ ዝርአ አብ ሕይወትና ኢየሱስ ምስዘይህሉ ሰናይ ግብሪ ካባና ክርሕቕ እንከሎ ከምኡ አብ ክፍአትን ኃጢአትን ጥራሕ ምስ አተኮርና ሽዑ ከም ዝንቀሳቐስ ሬሳ ዳርጋ ኢና ምኽንያቱ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ካባና ስለ ዝርሕቕ።

ኢየሱስ ነቶም ዓደምቱ ክልተ አርድእቲ እንገራ ምስ ቆረሰሎም ካብኦም ጠፊኡ ይብል ወንጌል እዚ ማለት ከአ ክልተ ነገራት ክሕብሮም ስለ ዝደለ እዩ። ፩ ንሱ ካብ ሕጂ ንድሓር አብ ቅ. ቊርባን ኩሉ ጊዜ ምስኦም ከምዘሎ ክርድኦም ኢሉ እዩ። ካብ ሕጂ ንድሓር ብአካል ክርእይዎ አየድልዮምን እዩ ንሱ አብ መንግኦም አሎ ነዚ ህብስቲ ኽቆርሱ ኢሎም አብ ዝተአከቡሉ አብ መንግኦም አሎ። ፪ ኢየሱስ ካብ ሕጂ ንድሓር በቶም አመንቱ እዩ ዝርአ ዝግለጽ ማለት አርድእቱ ቃሉ ክህቡ እንከለዉ ንሱ ዝበሎም ክገብሩ እንከለዉ ህልው ይገብርዎ አለዉ ማለት እዩ። ንአኹም ዝረአየ ንአይ ረአየ ዝበሎ እዩ። ንሕና አምባሳደራት ክርስቶስ ኢና። ኩሉ ግብርና ዘረባና አካይዳና ብምልኡ ንኢየሱስ ዝውክል ክኸውን አለዎ። እሞ ሎሚ ወከልቲ ኢየሱስዶ አሎና ወይስ ክሒድና ወከልቲ ርእስናን ኢና ዘሎና። አነ ንመን እየ ወኪለ ዘሎኹ ክንብል ይግብአና።

ጉዕዞ ኤማሁስ ብውረት መንፈስ አብ ጽልግልግ ዝበለ ኩነት ከምኡ አብ ተስፋ ቁርጸት ዝነገሶ፥ ርጉእ መንፈስ አብዘይነበሮም እዩ ጀሚሩ። አብ መወዳእታ ግን ንልቢ እቶም አርድእቲ እናአውዓየን አዒንቶም እናብርሆን አብ ኢየሩሳሌም ከምዝምለሱ ተገሩ። ምስቲ ዝተንሥኤ ኢየሱስ ምስተራኸቡ ነቲ አብ ኢየሩሳሌም ዝተፈጸመ ብኻልእ አረአእያ ከም ዝርእይዎ ገርዎም። ንሞት ኢየሱስ አብ ክንዲ መወዳእታ ናይ ኩሉ ነገር ገሮም ዝርእይዎ መጀመርያ ናይ ሓዲስ ሕይወት ገሮም ክርእይዎ ጀሚሮም። እዚ ርድኢት ምስ ሓድሮም ካብቲ መገዲ ፍርሓት መግዲ ጥፍአት ናብቲ ምንጪ ድሕነት ዝተፈጸመሉ አብ ኢየሩሳሌም ተመሊሶም። ተስፋ ቆሪጾም ካብ ዓዲ ድሕነት ዝወጹ ዝነበሩ አብኡ ተመሊሶም። አብ ሕይወትና ክንምልስ እንተ ኾና ተመሊስና ክንክእል አሎና። ንዝአረገ ሕይወትና ለዊጥና አብቲ ዝተንሥኤ ክርስቶስ ንመለስ ንሱ ሓዲስ ሕይወትን ተስፋን ክህበና እዩ ምስጢር ትንሣኤ ክግለጸና እዩ። እዚ እዩ ናይ ሎሚ ሰናይ ዜና።

አብዚ ሳላሳይ ሰንበት ድኅሪ ትንሣኤ እምብአር ኢየሱስ ሎሚ ከምትማሊ ንነፍሲ ወከፍና ካብ ዘዘሎናዮ ረኺቡ አብ ገዝኡ አብ መገዱ ክመልሰና ይደሊ አሎ። ወደይ ጓለይ ካብቲ መገዲ ጥፍአት ተመለሰኒ እናበለ ይዕድመና አሎ። ዓይንና ክርኢ እሞ ክንምለስ አብ መአዱ፥ አብ ቤቱ፥ አብ መገዱ ተመሊስና ሰበክቲ ወንጌል ንኹን ነዚ የብቅዓና።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ